# መጽሓፈ ነህምያ

## ቀዳማይ ክፍሊ፡
## ሓፈሻዊ መእተዊ

መጽሓፈ ነህምያ ብዛዕባ ሕዝቢ እስራኤል ቀጽሪ ኢየሩሳሌም ንምጽጋንን መዓጹኣ ንምሕዳስን ዘካየድዎ ወፍርን ዘመዝገብዎ ዓወትን ዜዝንቱ ክፋል መጽሓፍ ቅዱስ ኢዩ።
መንግሥቲ ዳዊት ድሕሪ ሞት ንጉሥ ሶሎሞን (926 ቅ.ል.ክ. ኣቢሉ) ኣብ ክልተ (ሰማርያ ርእሲ ከተማኡ ዝኾነ መንግሥቲ እስራኤል ብሰሜን፡ ኢየሩሳሌም ርእሲ ከተማኡ ዝኾነ መንግሥቲ ይሁዳ ኣብ ደቡብ) ተኸፊሉ፡ ብንጉሥ ነቡቅዶኖጾር ተማረኸ። መራሕቲ መንግሥቲ ይኹኑ፡ ካህናትን ሹማምንትን ዓበይትን ሃገር፡ ተራ ሕዝብን ከም ምርኮኛታት ንስደት (598 ቅ.ል.ክ.) ናብ ባቢሎን ተወስዱ። ኣብኡ ን150 ዓመታት ተጨቊኖም ኪነብሩ እንከለዉ፡ መዝሙር ዳዊት 137 ምረት ናብራኦም ከምዚ ገይሩ ይገልጾ፡

> ኣብ ጥቓ ሩባታት ባቢሎን ተቐመጥና፡ ንጽዮን ምስ ዘከርናያ ከኣ በኸና።
> መሰንቆትቅትና ኣብቲ ኣብኡ ዘሎ ዕቦላት ሰቐልና።
> እቶም ዝማረኹና መዝሙር ክንዝምረሎም ሓተቱና፤ እወ፡ እቶም ሳቐይትና፡
> "መዝሙር ጽዮን ዘምሩልና፡" እናበሉ ክንሕጎስ ለመኑና።
> ኦኢየሩሳሌም፡ እንተረሲዐኪስ፡ መሰንቆ ዝሃርመላ የማነይቲ ኢደይ ትንቀጽ።
> ኦኢየሩሳሌም፡ እንተዘይዘኪረኪ፡ ኃለፋ ኵሉ ሓጐሰይ እንተዘይገረክስ፡
> ምዝማር ክሳዕ ዝስእን መልሓሰይ ኣብ ትንሓገይ ትጣበቕ።
>
> ኦእግዚኣብሔር በታ ኢየሩሳሌም ዝተታሕዘትላ መዓልቲ፡ ነቶም፡ "እፍርሱዋ ካብ መሠረታ ኣፍርሱዋ!" ዚብሉ ዝነበሩ ኤዶማውያን ኣይትረስዓዮም።
>
> ባቢሎን! ክትዓንዊ ኢኺ! በቲ ዝገበርክና ሕነ ዝፈድየኪ ሰብ ከኣ ዕዉት ኢዩ።
> ንሕፃናትኪ ሒዙ፡ ኣብ ከውሒ ኣራጺሙ ዚቐትሎም ዕዉት ኢዩ።

መጽሓፍ ሰቆቃው ኤርምያስ፡ ብወገኑ ዅነታት ኢየሩሳሌምን ምድሪ ይሁዳን ኣብ ጊዜ ስደት ባቢሎን ኣስፈሒ ይገልጽ። ዝኸሪ እዚ ስደት እዚ ካብ ኣእምሮ እስራኤላውያን ተደምሲሱ ኣይፈልጥን። ስለዚ ኣብ ሓዲስ ኪዳን፡ ባቢሎን፡ ከም ኣብነት ክፍኣት፡ ጭቆና፡ ዝርገት ከይና ተመሲላ ንረኽባ። ምኽንያቱ፡ ባቢሎን፡ ንስደተይናታት ሡር መበቈሊኦምን፡ ሕጊ ኣምላኽን ኪርስዑን፡ ካብ ጭንቀት ምእንቲ ኪድኅኑ ምስ ደቂ ዓዲ ተዋሲቦም መንነቶም ኬጥፍኡን ምኽንያት ፈተነ ኰነቶም። ኣምላኽ ግና፡ ኣብ ቅድሚ ጣዖት በዓል ብርኮም ዘይዓጸፉ፡ ውላዶም ንሞሎኽ ዘይሠዉኡ፡ ምስ ዘይደቂ ዓሌቶም ዘይተዋሰቡ ትጉሃትን እሙናትን ኣገልገልቲ ንዓው ኣትሪፉ ነበረ እሞ፡ ምእንትኣቶም ኪብል ምስ ሙሴ ኣብ ደብረ ሲና ዝኣተዎ ኪዳን ዘከረ። ንመንግሥቲ ፋርስ ኣንጻር መንግሥ ባቢሎንን ኣሦርን ኣለዓዒሉ ኣውደቖ። ንጉሥ ቂሮስ ስደተይናታት ነናብ ዓዶም ኪምለሱን ነማልኽቶም ቤተመቕደስ ኪሃንጹሎምን ኣወጀ።
ዘሩባቤል፡ ገዛኢ ይሁዳን፡ ሊቀ ካህናት ኢያሱ ወዲ የሆጻደቕን ብትንቢት ነብያት ሓጌን ዘካርያስን ተታባቢያም፡ ናቡቅዶናጻር ዘፍረሶ ቤተመቕደስ ሃነጹ፡
ዕዝራ፡ ምስ ካልኦት ነብያት ኰይኑ፡ ብመንፈሳውነት ኬሕድሶም፡ ሕጊ እግዚኣብሔር ኣውጺኡ ኣንበበሎምን፡ ንኪሕልዉዎ ድማ ኣምሓሎም።
ነህምያ ከኣ ንሕዝቢ ኣዕጢቑ፡ ቀጽሪ ኢየሩሳሌምን ኣፍ ደገታታን ኣዓረየ።

ኢየሩሳሌም ከም መጠን ርእሲ ከተማ ይሁዳ፡ ወካሊት ምሉእ ዓዲ፡ ጥራሕ ዘይኮነትስ፡ ካብ ምሉእ ዓለም፡ እታ ንበይና መሥዋዕቲ ሕሩድ ናብ ኣምላኽ ኪቐርብ ዝፈቀደሉ ቤተመቕደስ ኣምላኽ ዝተሃንጸላ ከተማ ነበረት። ቤተመቕደስ ኢየሩሳሌም ድማ፡ ኣብቲ ኣሽሓት ዓመታት ኣቐዲሙ ንወዱ ኪሥውዕ ኣብርሃም ዝደየቦ ደብረ ሞርያ፡ ተሓኒጹ ይርከብ ነበረ፡ ስለዚ ታሪኽን መንፈሳውነትን ዝሓዘ ቦታ ኢዩ ነይሩ። ኣብኡ፡ ኣይሁዳውያን ካብ ምሉእ ዓለም መጺኦም እንተወሓደ ኣብ ዓመት ሓንሳእ ኪሳለሙን፡ መሥዋዕቶም ኬቕርቡን፡ ምስ ቤተሰቦም ኪራኸቡን ትሑዛት ነበሩ።
መዝሙር ዳዊት 122 ቦታ ከተማ ኢየሩሳሌም ኣብ ልብን ሓሳብን ኣይሁዳውያን ኣጸቢቑ ይገልጸልና፡

ናብ ቤተ እግዚኣብሔር ንኺድ ምስ በሉኒ ተሓጒስኩ።
ኦኢየሩሳሌም፡ እንሆ መጺእና ኣብ ደጌታትኪ ደው ኢልና ኣሎና።
ኢየሩሳሌም ብጽቡቕ ተሠሪዓ ዝተሓንጸት ከተማ ኢያ።
ነገዳት፡ ነገዳት እስራኤል፡ ከምቲ እግዚኣብሔር ዝኣዘዞ፡
ንኸየግዚኣብሔር ኪውድሱ ናብኣ ይድይቡ።
ኣብኣ ነገሥታት እስራኤል፡ ፍርዲ ዚህቡሉ ዙፋናት ኣሎ።

ንኢስራኤል ሰላም ክትረክብ ከምዚ ኢልኩም ጸልዩላ፡
"እቶም ዜፍቅሩኺ ይሃብትሙ፡
ኣብ ውሽጢ መካበብያኺ ሰላም፡ ኣብ ውሽጢ ኣደራሻትኪ ኽኣ ቕሳነት ይሃሉ።"
ምእንቲ ኣኅዋተይን ብጾተይን፡
ንኢየሩሳሌም "ሰላም ይኹነልኪ" እብላ።
ምእንቲ ቤት እግዚኣብሔር ኣምላኽና ኢለ፡ ሠናይኪ እደሊ ኣሎኹ።

በዚ ምኽንያት እዚ፡ ኣብ ሓዲስ ኪዳን እውን፡ መንግሥተ ሰማያት "ሓዳስ ኢየሩሳሌም" ኢላ ትጽዋዕ፡ እሞ፡ ቦታ ሓጐስን ልምዓትን ምልኣት ዘለዋ ትግመት።

ብዛዕባ ምርኮ ባቢሎንን፡ መልስን ሕንጸት እስራኤልን ዚዛረቡ ክፋላት መጽሓፍ ቅዱስ በበይኖም ኣለዉ፡ ካብ ኸሉ፡
2ይ መጽሓፍ ነገሥት ምዕ. 24 - 25ን፡ 2ይ መጽሓፍ ዜና መዋዕል ምዕ 36ን፣
መጽሓፍ ዕዝራን ነህንያን ብምልኦም፡
ካልኣይ ክፋል ትንቢት ኢሳያስ (28 - 66)፡ ትንቢት ኤርምያስ፡ ሕዝቅኤል፡ ዳንኤል፡ ባሮኽ፡ ሓጌ፡ ዘካርያስ።
ከምኡ መጽሓፍ ጦቢት፡ ኢዮብ፡ ኣስቴር ኣብዚ ጊዜ ስደት ዝተደርሱ መጽሓፍቲ ኢዮም።

ኣብዚ ጊዜ ጸም መጽሓፍ ነህምያ ክነንብብን ክነስተንትንን ክንፍትን ኢና። ንመንፈሳውነትና ከመይ ገርና ክንጽግንን፡ ክነሕድሶን ከምእንኽእል ክነጽንዕ ክንርኢ ኢና። "እግዚኣብሔር ንቤት እንተዘይሃኒጹዋ፡ ነደቕቲ ንኸንቱ ኢዮም ዚጽዕሩ፡ እግዚኣብሔር ንኸተማ እንተዘይሓልዩዋ፡ ሓለውቲ ንኸንቱ ኢዮም ነቒሖም ዚሓድሩ።" ዚብል መነቓቕሒ ሓሳብ መጽሓፍ መዝሙር ኬንቅሓና ጸሎተይ ኢዩ።